# ባህርይ ክርስቶስ

## ብፓትሪያርክ ሺኖዳ ሣልሳይ

ትርጉም
ብ
ዶ/ር ሽሞንዲ ኃይለ

ዋሽንግተን ዲሲ ሰሜን ኣሜሪካ
2001

## ምዕራፍ ፩

## ሓንቲ ፍቓድን፡ ሓንቲ ግብርን

ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስዶ ክልተ ፈቓድን፡ ክልተ ግብርን ኣለዎ እዩ? ማለት መለኮታዊ ፈቓድ፡ ሰብኣዊ ፈቓድ፡ መለኮታዊ ግብሪ፡ ሰብኣዊ ግብሪ። መቸስ፡ ንዓይ ከም ዝርድኣኒ፡ እቲ ሓደ ባህርይ ማለት እቲ ስጋ ዚለበሰ ሎጎስ ከም ዘለዎ ኢዩ። ዋላውን ቅዱስ ቄርሎስ ብወገኑ፡ "ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ፡ ሓንቲ ፈቓድ፡ ሓንቲ ግብሪ" ከም ዝኾነ ንኣምን፡ ኢሉ ድኣ ተኣመነ።

ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ይብል፡ "ብልዔይሲ ፍቓድ እቲ ዝለኣኸኒ ክገብር፡ ዕዮኡውን ክፍጽም እዩ" ይብል። (ዮሃ፡4፡34) ጎይታ እዚ ኪብል ከሎ ንባዕሉ እኹል ጭብጢ ኢዩ። ደጊሙውን፡ "ብሓቂ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ፡ ወድስ ኣቦኡ ክገብሮ ዚረኣዮ እምበር፡ ካብ ርእሱ ሓንቲ ነገር እኳ ኪገብር ኣይከኣሎን"፡ በለ። (ዮሃ፡ 5፡19)

ጎይታ፡ ብዘይካ ካብ ፈቓድ ኣቦኡ፡ ወጻኢ፡ ብገዛእ ፈቓዱ ሓንቲኳ ኪገብር ኣይደልን። ካብዚ ተላዒሉ ድማ፡ "ኣነ ፈቓድ እቲ ዝለኣኸኒ እምበር፡ ፈቓደይ ምእንቲ ክገብር ኣይኮንኩን ካብ ሰማይ ወሪደ ዘለኹ" ዚበለ። (ዮሃ፡6፡38)

ኣብዚ ዚተነጸረ ነገር እንተሎ፡ ኣቦን ወድን ኣካል ቅድስቲ ስላሴ ከም ዝኾኑን፡ ሓደ ፈቓድ ከም ዘሎዎምን ንርኢ። ምኽንያቱ፡ ጎይታ ባዕሉ፡ ኣነን ኣቦይን ሓደ ኢና ስለ ዘበለ። (ዮሃ፡10፡30)

ወዲ ምስ ኣቦ ሓደ እንካብ ኮነ፡ ብፈቓዱውን ምስኡ ሓደ ክኸውን ግድን እዩ። ምኽንያቱ፡ እቲ ብስጋ ዝመጸ ክርስቶስ፡ ፈቓድ ኣቦኡ ክፍጽም መጸ። እቲ ምስ ባህርይ ሰብ ሕብረት ዝገበረ ድማ፡ ሓደ ፈቓድ ሃልይዎ ከም ዝገብሮ ግድን እዩ።

ሓጢኣት ነቲ ኣብ መንጎ ኣምላኽን ሰብን ዘሎ ፈቓድ ክትዘርግ እንተዘይ ኮይና ካልእ የብላን። ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ግና፡ ምስዚ ኹሉ ብዘይ ሓጢኣት ተመላለሰን ነበረን። በዚ ምኽንያት እዚ ድማ ኢዩ ንኣይሁድ፡ ብዛዕባ ሓጢኣት ኣልዒሉ ዝዘለፎም። በሎም ድማ፡ "ካባኻትኩም ብሓጢኣት ዚረትዓኒኸ መን ኣሎ"? ኪብል ዝተጻረሮም። (ዮሃ፡8፡46) ብዘይካ ሓደ ኣምላኽ እምበኣር ካብ ሓጢኣት ዝረሓቐ ካልእ ሓደኳ የልቦን። ክርስቶስ ድማ፡ ብፈቓድ ኣቦኡ ድኣ ነበረን ገበረን።

ነዛ ዓለም እዚኣ ዚነበሩዋን ዚነብርዋ ዘለዉን ኹላቶም ቅዱሳን ከኣ፡ ብጠባዮም ኰነ ብፍጽምናኦም፡ ወይ ብፈቓዶም፡ ምስ ፈቓድ እቲ ሰማያዊ ኣቦኦም፡ ኣሰማሚያም ኢዮም ዚገብሩዋን ዚሰግሩዋን ዘለዉን። ከመይሲ፡ ፈቓዶም ፈቓድ እቲ ሰማያዊ ኣቦኦም ስለ ዚኾነ።

ሃዋርያ ጳውሎስ ናብ ሰብ ቆረንቶስ ኣብ ዚጸሓፎ መልእኽቱ፡ "ንሕና ግና ሓሳብ ክርስቶስ ኣሎና" (1ቆረ፡2፡16) ድኣ በለ እምበር፡ ከም ሓሳብ ክርስቶስ ዚመስል ሓሳብ ኣሎና ኣይበለን። እዚኸ ንሕና ምስ ክርስቶስ ሕብረት ከም ዘሎናዶ ኣይኮነን ዚምህረና ዘሎ?

ንሕና እቶም ስራሕ ኢዱ ዚኾንና ደቂ ሰባት፡ ምስ ክርስቶስ ክሳብ ክንድዚ ዝኣክል ሕብረት ካብ ሃለወና፡ እቲ "ኣማኑኤል ምሳና" ዝተባህለሉ መለኮታዊ ባህርይ ምስቲ ሰብኣዊ ባህርይ ሓደ ዚገበረ ድኣ፡ ክሳዕ ክንደይ ሕብረትን ውህደትን ሓደ ፈቓድን ዘይህልዎ። እሞ ኸድኣ፡ በቲ ካብ ማሕፀን ድንግል ማርያም ሰብ ዝኾነ፡ ዋላ ንሓንቲ ክልኢታዊት እውን ትኹን መለኮት ካብኡ ዘይተፈልዮ። ኣብ መንጎ እቲ መለኮታዊ ፈቓድን፡ ኣብ መንጎ እቲ መለኮታዊ ባህርይን፡ ኣብ መንጎ እቲ ሰብኣዊ ባህርይን ሕብረት ዘይነበሮ ኔሩ እንተ ዚኸውንሲ ዘለዓለማዊ ጥፍኣት ምኾነ ኔሩ። ተስፋ ሰብ ድማ፡ ንዘለዓለም ምቐሃመ። ክርስቶስ፡ ብፈቓዱ ነቦኡ ዘይመስል ኔሩ እንተ ዚኸውንሲ፡ በየናይ መገዲ ንዓና መራሕን ኣብነትን ክኸውን ይኽእል። (ዮሃ፡2፡6)

እምብኣር ፍጽምቲ ጽድቂ፡ ኣሰር እቲ ንዕኡ ኪንመስል ኢሉ ሕይወቱ በኛ ጌሩ ዘቕረበ ክርስቶስ፡ ከምኡ ድማ ከምቲ መለኮታዊ ምስ ሰብኣዊ ባህርይ ሓደ

ፈቓድ ዚኾነ፣ ንሕናውን ምስኡ ሓደ ፈቓድ ክህልወና ይግባእ። ድሕነት ወዲ ሰብ ዚረጋገጽ ድማ፣ በዚ እዩ። ስለ ዚኾነ ከኣ ኢዩ ክርስቶስ፣ “ወዲ ሰብ ንዝጠፍኤ ኬድሕን መጺኡ ኣሎ”፣ ዘበለ። (ማቴ፣18፣11) በዚ ድማ ኢዩ፣ እቲ ሕጻን ብዘየማትእ ፈቓድ እቲ ሰማያዊ ኣቦና፣ ሓደ ወዱ ክነሱ፣ ስሌና ፈቓዱ ኪፍጽም ዚመጸ። “ፍቕሪ ማለት ከኣ ከምዚ እዩ፣ ኣምላኽ ባዕሉ ስለ ዘፍቀረና ንሓጢኣትና ኬርሕቕ ኢሉ ንወዱ ስለ ዝሰደደልና እዩ እምበር ንሕና ስለ ዘፍቀርናዮ ኣይኮነን”። (1ዮሃ፣4፣10) ክርስቶስ ኣብ መስቀል ዚወዓለውን፣ በቲ መለኮታዊ ፈቓድን ከምኡውን በቲ ስጋዊ መስዋእትነትን ኢዩ። ከምኡ ኔሩ እንተ ዘይከውንሲ፣ ክርስቶስ ምእንታና ክብል ብፈቓዱ ሞተ ተባሂሉ ምስ ተጻሕፈ ኔሩ።

ስለዚ እቲ ፈቓድ ሓደ ካብ ኰነ ግና፣ እቲ ተግባርውን ሓደ ክኸውን ግድን እዩ። በዚ ድማ ኢና፣ ክልተ ባህርያት እዮም ኢልና፣ ክንፈልዮም ዘይኽእል።

## ኣብ ስነ ክርስቶስ ዝተሳማማዕናሉ መግለጺ

“ንሕና ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ፣ እቲ ስጋ-ዝለበሰ ሎጎስ፣ ኣምላኽን መድሓን ዓለምን፣ እቲ ካብ ምውታት ዝተንሥኤ ፍጹም ሰብን ፍጹም ኣምላኽን ዚኾነ፣ ንትስብእቲ ብዘይ ምጽንባር፣ ምድብላቕ፣ ወይ ምውርራስ ምስ መለኮቱ ሓደ ዝገበረ፣ መለኮቱ ካብ ትስብእቱ ዋላ ከም ቛሕ-ሰም ዓይኒውን ትኹን ፈጺሙ ዘይተፈልዮ እዩ እልና ተሳማማዕና።

እዚ እናገበርና ከሎና ድማ፣ ንትምህርቲ ንስጥሮስን ኣውጣክን ምምርማር ኣይሓደግናን።

ማሕተም ኣለዎ

ብፈቃድ ኣምላኽ

ተፈጸመ